ካምደን ንኽትመሃረሉ ዘደንቕ ቦታ ኮይኑ፡ በቶም ንህጻናት ዝበለጸ ትምህርቲ ንምሃብ መዓልታዊ ኣበርቲዖም ብዝሰርሑ ብሉጻት ኣብያተ ትምህርትናን ሰራሕተኛታትናን ንሕበን።

ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ካምደን ኣብ ምሉእ መምሃሪ ክፍሊ ንጠለባቱ ዝምጥን በዚ ድማ ዝመሃሩሉ፣ ኣዕሩኽ ዝፈጥሩሉን ዝስስኑሉን ዝበለጸ ሃዋሁው ዝህቦም ናይ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ክህልዎ ንደሊ።

ኣብ ካምደንን ኣብ መላእ ለንደንን ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ እናወሰኸ ብዝኸይድ ዘሎ ፋይናንሳዊ ጸቕጢ ይርከባ።

ምንቍልቋል ቍጽሪ ውልደትን ስድራቤታት ካብ ለንደን ብምግዓዘን፡ ናይ ቤት ትምህርቲ ቦታ ዝሕዙ ህጻናት ይውሕዱ፡ እዚ ድማ ቁጽሪ ተማሃሮ ኪጎድል ከምኡውን ኣብያተ ትምህርቲ ጥርሑ ቦታ ኪህልዎም ገይሩ።

ኣብ ኩኦሉ ጥርሑ ቦታ ኣሎ ማለት፡ ኣብ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ዓመት ብማእከላይ ገምጋም 7,500 ፓውንድ፣ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ብማእከላይ ገምጋም ኣብ ዓመት 9,700 ፓውንድ ኣገዳሲ ናይ መንግስቲ ምወላ ይስእና ማለት እዩ።

ከም ቤት ምኽሪ እኹላት፣ ልዑል ደረጃ ጽፈት ዘለዎምን ዘተኣማምኑን ናይ ቤት ትምህርቲ ቦታታት ምህላዎም ከነረጋግጽን ነዞም ቦታታት ኣብያተ ትምህርቲ ብብቕዓት ከነመሓድሮምን ግዴታ ኣለና።

ቁጽሪ ተማሃሮ እናነከየ ይኸይድ ምስ ምህላዉ፡ ምስ ኣብያተ ትምህርቲ ብቐረባ ብምስራሕ ክንቋጻጸሮ ይግብኣና።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ከም ኣካል "መደብ ምእኻል ቦታታት ኣብያተ ትምህርትና"፡ ምስተን ብፍላይ በዚ ጉዳያት ዝተሃስያ ኣብያተ ትምህርቲ ብቐረባ ብምስራሕ ነዞም ብድሆታት ንኽምልሱ ክንድግፍ ጸኒሕና።

ዋላ'ኳ ኩሉ ሰብ ተወፋይነት እንተሃለዎ፡ ኣርባዕተ ኣብያተ ትምህርቲ ኣዝዩ ከቢድን ቀጻልን ጸቕጢ ይገጥመን ኣሎ - እንተላይ፡

- ልዑል ቍጽሪ ናይ ጥርሑ ቦታታት
- ምንቍልቋል ቁጽሪ ተማሃሮ
- ተረፍ ቦታታት፣ ከምኡ'ውን፣
- እናወሰኸ ዝኸይድ ፋይናንሳዊ ጸቕጢ።

እዘን ኣብያተ ትምህርቲ እዚኣተን፡

- መባእታ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ኣልባንስ ቸርች ኦፍ ኢንግላንድ
- ካቶሊካዊት መባእታ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ዮሴፍ
- ካቶሊካዊት መባእታ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ፓትሪክ
- ላ ሴንት ዩኒየን ካቶሊካዊ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ

ብዛዕባ ቀጻሊ ስጉምትታት ንምዝታይ ምስኦም ብቐረባ ክንሰርሕ ጸኒሕና ኢና።

ብዕለት 12 ጥቅምቲ 2026 ብዛዕባ መጻኢ እዘን ኣብያተ ትምህርቲ ምምኽኻር ክህሉ ዝላቦ ጸብጻብ ኣውጺእና ነይርና።

ንዕለት 20 ጥቅምቲ፡ ኣባላት ካቢነ ሚኒስተራት ካምደን – ጉጅለ መሪሕ ኣባላት ባይቶ – ነዚ ጸብጻብ ንምርኣይን እዘም ምኽርታት ’ይካየዱ ወይ ኣይካየዱ ኣብ ዝብል ክውስኑ ክእከቡ እዮም።

ንዕለት 21 ጥቅምቲ፡ብዛዕባ እቲ ውሳነን ቀጻሊ ስጉምትታትን ነቶም ኣብያተ ትምህርትን መሻርኽቲ ኣካላትን ክንሕብር ኢና።

ምምኽኻራት ይካየድ እንተተባሂሉ ካብ 2 ሕዳር ክሳብ 14 ታሕሳስ ክካየድ ተኽእሎ ኣሎ።

ብድሕሪኡ፡ንነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ ብዝምልከት ምምኽኻር ክካየድ እዩ ከምኡውን ስድራቤታት ንዝተፈላለየ ኣማራጺታት ዝምልከት ምኽሪ ክወሃቡ እዮም።

ምምኽኻራት ይካየድ እንተተባሂሉ፡ንነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ ዝቐረቡ ናይ ምምኽኻር ኣማራጺታት እዚኣቶም እዮም፡

ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ኣልባንስ ቸርች ኦፍ ኢንግላንድ ኣማራጺታት፡

- ኣብ ሓደ መምሃሪ ክፍሊ ግድን ክመሃሩ ዝግባእ ዓቕን ተመሃሮ (PAN) ምንካይ
- ንቅዱስ ኣልባን ብምዕጻውን ናብ ካልእ መባእታ ቤት ትምህርቲ ካምደን ብምስግጋርን ምስታ ቤት ትምህርቲ ምውህሃድ
- ነቲ ቤት ትምህርቲ ምዕጻው

ናይ ካቶሊካዊት መባእታ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ዮሴፍ ኣማራጺታት፡

- ኣብ ሓደ መምሃሪ ክፍሊ ግድን ክመሃሩ ዝግባእ ዓቕን ተመሃሮ (PAN) ምንካይ
- ነቲ ቤት ትምህርቲ ምዕጻው

ናይ ካቶሊካዊት መባእታ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ፓትሪክ ኣማራጺታት፡

- ኣብ ሓደ መምሃሪ ክፍሊ ግድን ክመሃሩ ዝግባእ ዓቕን ተመሃሮ (PAN) ምንካይ
- ንቅዱስ ፓትሪክ ብምዕጻውን ናብ ካልእ መባእታ ቤት ትምህርቲ ካምደን ብምስግጋርን ምስታ ቤት ትምህርቲ ምውህሃድ
- ነቲ ቤት ትምህርቲ ምዕጻው

ናይ ላ ሴንት ዩኒየን ካቶሊካዊ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣማራጺታት፡

- ኣብ ሓደ መምሃሪ ክፍሊ ግድን ክመሃሩ ዝግባእ ዓቕን ተመሃሮ (PAN) ምንካይ
- ፈደረሽን ምስ ካልእ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ
- ካብ 7ይ ክፍሊ ክሳብ 11 ክፍሊ ጥራይ ምዕጻው ከምኡውን ምዕቃብን ዳግመ ምውህሃድን ድሕሪ 16 ዓመት (ካብ 12 ክሳብ 13/14 ክፍልታት)
- ካብ 7 ክሳብ 13/14 ክፍልታት ናይቲ ቤት ትምህርቲ ብምሉእ ምዕጻው

ኣብዚ እዋን'ዚ ምምኽኻራት ይካየድ እንተተባሂሉ ኩሉ ወላድን ኣላዪን ርእይቶኡ ክህብ ከምዝኽእል ንምርግጋጽ ውጥን ንሰርሕ ኣለና።

ብዛዕባዚ ምስማዕ ኣጸጋሚ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና ግን እቲ ኩነታት ከይገደደ ንምክልኻልን ሕጂ ኩነ ኣብ መጻኢ ንኹሎም ህጻናት ዝኸውን ሓያል ናይ ከባቢ ትምህርቲ ንምቕራብ ሕጂ ክንሰርሕ ኣለና።

ንነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ ዝቐረቡ ናይ ምምኽኻር ኣማራጺታትዝምልከት ተወስስኺ ሓበሬታ፣ ሕቶታትን መልስታትን፡ ከምኡ'ውን ናይ መርከቢ ሓበሬታ ኣብ **camden.gov.uk/SchoolProposals** ርኸቡ።

ካልእ ሓድሽ ሓበሬታ ንዕለት 21 ጥቅምቲ ክንህብ ኢና።